# ወዲ-ደሙ ኢሃደግ ግብረ-እሙ




ኣይተ ስብሓት ነጋ ቃለ መሕተት ምስ VOA
2ይ ክፋል ፡

## እረ እዚ ሰብኣይ ዓቢዱ ክመላልኣና ደልዩ !

**ሕቶ ፡** ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ጉዳይ ፤ መዕለቢ ዘይተረኽቦ ጉዳይ እዩ ክበሃል ይከኣል ፡ መንግስቲ ኤርትራ እትብሎ ንፈልጥ መንግስቲ ኢትዮጵያ እትብሎ ንፈልጥ ፡ከምኡ ኮይኑ ድዩ ክቕጽል ? እምነት መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ'ዚ ኸ ናበይ ኢና ክንከይድ ? ብንግዲ ድዩ ብኻልእ ጉዳይ ህዝቢ ትግራይ'ዩ ዝጥቃዕ ዘሎ ፡

**መልሲ ፡** ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ተጢያቒ ባዕሉ መንግስቲ ኤርትራ እዩ ፡ ብወገንና ( ብጃንዳ ወያነ ማለቱ'ዩ ) ተጠየቕቲ እንኾነሉ እስታይ የለን ፡ ናይ ቦርደር ኮሚሽን ፍትሓዊ ከምዘይኮነ ፡ ንናይ ዓለም ማሕበረሰብ'ውን ወግዓዊ መግለጺ ፡ ሂብና ኢና ፡ ንኣፈጻጽምኡ ዝምልከት እናተመኻኸርና ብ ድያሎግ <u>Dialogue</u> ንፈጽሞ ዝብል ፖሊሲ ሓንጺጽና ማሕበረሰብ ዓለም ዝተቐበሎ እንከሎ መንግስቲ ኤርተራ ኣብዩ ፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝቐርብ ዘሎ ግን ፡ በቲ ኮሚሽን ዝፈረዶ መሰረት ኣብኣ እንከላ ትተግበር ዝብል ኣበሃህላ ፡ ነቲ እናተዘራረብና ብድያሎግ ጥረራ ነጺጎሞ ፡ ካልእ ናይ ኣልጀርስ ውዕል ፡ ናይ ( Investgations committee ) እንቬስትጌሽን ኮሚቲ ፡ ናይ ( claims committee ) ክሌምስ ኮሚቲ መርሚሮም ውሳኒኦም ሂቦም ኣሎዉ ፡

**ኣይተ ስብሃት ነጋ ፡ሓሶት እንተደጋገምካዮ ሓቂ የምስል ካብ ዝብል ብሉይን ዝኣረገን ኮኮዓዳ ኣብዚ ምዕቡል ግዜ ኣይሰርሕን ፡ ካብ ደድሕሬኹም ንገደል ምህታፍ ፡ ንኣበሃህላኹም ጎይቶትኩም ባዕላቶም ነቲ ጉድ ቀሊዮሞ እኒሀ ፡ ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ ፡**



*12.Nov 2007 former U.S. Ambassador to the U.N. Bolton states that in February 2006, Frazer informed him that she wanted him to "reopen" the 2002 EEBC decision,* **Bolton** ***Reveals Frazer Worked to Reopen Eritrea/Ethiopia Boundary Decision in Favor of Ethiopia.*** **ስለዚ እዚ ንባዕሉ ህያው ምስክር ስለዝኾነ ኣኻሊ እዩ ፡**

**<u>ሕቶ ፡</u>** ናይ ኣልጀርስ ካብ ኣልዓልካ ፡ ናይ ኣልጀርስ ውዕል ክሳብ ጥረራ እዩ ኣቋሚቱ ነይሩ ፡ እቲ ናይ ጥረራ'ውን ከይፍጸም ተኸሊፉ ኣሎ ፡ ብሕቡራት ሃገራት'ውን ወፊሩ ዝነበረ ዓቃብ ሰራዊት ካብቲ ዞባ ወጺኡ'ዩ ፡ ተክኒካዊ ውዕል ኣልጀርስ ፈሪሱ'ዩ ዝብሉ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ኣለዉ ፡ ትግባሬኡውን ጠጠው ኢሉ ስለዘሎ ፡ መንግስቲ ኤርትራ መፈጸምታ ረኺቡ'ዩ ይብሉ ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንድሕሪት ዝተረፈ'ዶ ይመስለካ ?

**መልሲ ፡** ናይ ኣልጀርስ ውዕል ኣብቂዑ'ዩ ፈሪሱ'ዩ ንምባል ኣይከኣልን ፡ ኩሎም ብህየቶም ኣሎዉ ፡ ገለ ገለ ብወገን ኤርትራ ዝተጣሕሱ ኣለዉ ፡ ብወገን ኢትዮጵያ ውዕል ኣልጀርስ ውሳነ ናይ ቦርደር ኮምሽን ከመይ'ዩ ተግባራዊ ይኸውን ዝብል መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዓል 5 ነጥቢ ዝሓዘለ መግለጺ ኣውጺኡ'ዩ ፡ ውዕል ኣልጀርስ ኣብ ከይዲ ኣሎ ኢና ንብል'ምበር ተሰሪዙ ኣሎ ኣይንብል ፡

**ኣትረከ ፡ ትኽስ ድሙስ መሃመል ኣንጭዋ ፡ ኣይተ ስብሓት ኣይተቀላውጡ ንካልእኩም ከምኡ በሉ ፡ ህዝቢ ኤርትራ በዚ ዳእላ'ዚ ፈጺሙ ኣይቕሸሽን ፡**

**ሕቶ ፡** ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ንብዙሓት ሰባት'ውን ዘገረመ ነገር ስለዝኾነ ኢትዮጵያ ንውዕል ኣልጀርስ ክትቅበል እንከላ ፡ <u>ኣሳርን ባይንድን ብዝብል እግባይ ዘይብሉ ኢላ ተቐቢላቶ ፡</u> ድሓር እዚ ውሳነ ምስተዋህበ ፡ ኣይፋሉን ንዘራረብ ትብል ኣላ ፡ ንምዝርራብ ዶብ ፡ ብመሰረት እቲ ውዕል

ክልተ ወገናት እንተተሰማሚያም'ዩ ተግባራዊ ዝኸውን እዩ ዝብል ፡ መንግስቲ ኤርትራ ድማ ፡ ኣይዘራረብን ኣይሰማማዕን ይብል ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተጋግዩ ድዩ ነቲ ውዕል ፈሪምዎ ?

መልሲ ፡ እቲ ብይን ነቲ እናተዘራረብካ ተግባራዊ ምግባር ዝብል ነቲ ባይንዲን ዝብል ኣይጥሕሶን ፡ ኣግባብ'ዩ ፡ ስለዚ ፡ ፋይናል ኣንድ ባይንዲን ንሱ እናሃለወ  እንተሎ ፡ እናተዘራረብካ ምኽባል ዝብል ዝተለምደ ኣግባብ'ዩ ፡

ኣየ ኣቦይ ስብሓት ፡ እዚ ድኣ ደው በለለይ ክብለጸልካ ዝዓይነቱ እንድዩ ነገሩ ፡ እቲ ተገሪህና እንክለና ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ሓንጊርና ዘ.እቶናኩም ኣይኣክልን'ዶ ኢልኩሞ !

ሕቶ ፡ እሞ ኣብዚ ምናልባት እቲኣ ኣሰሓሓቢት ዝኾነት ባድመ ዘካትዕ የብሉን ፡ ምሉእ ብምሉእ ንኤርትራ ዝህብ እዩ ፡ ባድመ ናብ ኢትዮጵያ ክትምለስ ኣለዋ ድዩ ዝብል ዘሎ ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዘራረብ ክብል እንክሎ ፡ ወይ ተቐቢልናያ ኢና ፡ ንኤርትራ ክትከውን ፡ ኣበዩ ዘሎ መርገጺ መንግስቲ ናይ ኢትዮጵያ ?

መልሲ ፡ እዚ እቲ ዝርርብ እዩ ዝፈርዶ ፡ ፍትሓውነት ዝጐደሎ እምነት ኣለና ንብል ኣለና እናተዘራረብና ነተግብሮ ክንብል ከለና ነቲ ዝተዛብዐ ናይ ምስትኽኻል ዕድል ኣሎ ፡

ኣይተ ስብሓት ጉዳዩ ናይዶብ ምስሕሓብ ነይሩ እንተዝኸውን ፡ ብድላይኩም ዓይነት መንገዲ ብምርድዳእ ንፍትሓዮ እናበልና ክሳብ ኣፍና ማይ ዝጸምእ ለፍሊፍና ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸብናን መኽንያቱ ጉዳዩ ናይ ጥዑይ ኣእምሮ ዝሓስቦ ኩነት ስለዘይነበረ ፡ መበገሲ ባድመ ኮይኑ ፡ ምዓልቦኡ ግን ንወዲኣዳም ገሪምዎ ኣሎ ፡ እዚ ዕንኪላሎ ዝኾነ ሰረተሓሳብኩም ፡ ዳርጋ ገለ ካብ መወልትኹም ዝጠዓሳሉ ሃዋህው ይዝምቢ ኣሎ ጠፋእኩም  ኢድ ልዕቅብ እናመጸት እያ !

ሕቶ ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደጊሙ ዝወሰዶ ስጉምቲ እንታይ እዩ ? እንታዩ ክግበር ካብዚ ንደሓር ?

መልሲ ፡ እቲ መሰረት በቲ ናይ ኣልጀርስ ውዕል ጋራንተርስ ( ኣውሓስቲ ) ብእኡ ይፈታሕ ንምባል እዩ ፡ ካብዚ ወጻኢ ዝህሉ መፍትሒ እንተልዩ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ባዕሉ ክርእዮ ፡

ኣንታዮ ሃሳስ ፡ ልመን ልምሽዋደዩ ፡ህዝቢ ኤርትራ መልዓልትኻ ኣይኾነይ ፡ ልኻልእካ በሎ ፡ ገመል ሰሪቕካ ጉምብሕ ጉምብሕ ፡ በውነቱ ኣንፈት ጉዕዞኻ ናበይ ምኻኑ ተነቢቡ እኒሀ ፡

ሕቶ ፡ እዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንብይን ውዕል ኣልጀርስ ዘይተቐበለሉ ቀንዲ መኽንያት ኣብ ልዑላውነት ናይ ሃገረ ኤርትራ ጥርጣሬ ስለዘለዎ እዩ ፡ ኣብ ነዊሕ ዝኣመተ ምስጢር ስለዘለዎዩ ዝብሉ ገለ ሰባት ኣለዉ ፡ ነዚ ኢትዮጵያ ንውዕል ኣልጀርስ ኣየተግብርን ምባላ ምስ እዚ እዮም ዘትኣሳስርዎ ፡

መልሲ ፡ ካብቶም ናጽነት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣምኑ ብኢሃደግ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ ፡

ኣቤት ኣንታ ጎይታይ ፡ እስከበል ትብል ኣለኻ ፡ ንሕና ክኣ ንሰምዕ ኣለና ፡ ኣበይ ንምብጻሕ እዩ ኾን እዚ ኩሉ ዳምዳም ፡

ሕቶ ፡ህዝቢ ኤርትራ በቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ወይ ፓርቲ ፡ መደንዘዚ ወይ ኣንስተዝያ ( Anaesthezia ) ተወጊኡ እዩ ፡ ዝብል ብዝተደጋገመ መግለጺ ክትህብ ጸኒሕካ ፡እዚ ኣበሃህላ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ መኽንያታዊ ኮይኑ ናይ ቅድሚት ዕድሉ ናይ መጻኢ ዕድሉ ናይ ምውሳን ተኸእሎኡ ፡ ዜሮ እዩ ዝብል ትርጉም ይሕዝ ኣሎሞ ፡ እንታይ ማለት እዩ ? ህዝቢ ኤርትራ ናይብሓቂ ኣንስተዝያ  ተወጊኡ ዝበሃል ኣበሃህላ ኣሉታዊ መልእኽቲ ኣሉታዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ኮይኑ ተረኺቡ ፡ ስለዚ መብርሂ እንታይ ትህብ ?

መልሲ ፡ ካባኻ ዝበልጽ የለን ፡ ምዕቡል ኢኻ ፡ ዝብል ተደጋጋሚ ብመንግስቲ ይኹን ብመራሕቲ ዝወሃብ መግለጺ ኣሎ ፡ ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ድማ በዚ ዝወሃብ መግለጺ ስለዝደንዘዘ ኣንጻር መራሕቱ ፍኒሕኒሕ ኣይብልን ስለዚ ኣንስተዝያ ተወጊኡ ኣሎ ክብል ኣብቦትኡ ኣሎ ፡

ኣቦይ ስብሓት ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጸላኢ ምርቓ ይጽበ ኣሎ ዝበለኩም መን ኣሎ ፡ ተባሂሉ እኮ'ዩ ጸላኢ ጸለሎ ቀባኢ ፡ ብርግጽ ክኣ እቲ ወግዒ ኣምጺእኩሞ ፡ ካብ ኩቱር ቅንእን ምሕሳድን ዝነቐለ ፡ ብኹቱር ጽልኢ ስለዝቐሓርኩም ፡ ነቲ ልዕሊ ጉጭ ትሕቲ ጉጭ እናበልኩም ትሓባብልዎ ዝነበርኩም ኣነጺርኩሞ ኣለኹም ማሕረ ፡ እዚ ህዝቢ ፡ ስለ ህርኩትነቱ ጻዕራምነቱ ፡ ሓቦኡ ፡ ሓያልነቱ ፡ ብጽንዓቱ ፡ ተወፋይነቱ ፡ ንዘይተምበርካኽነቱ ፡ ኣንስተዝያ ተወጊኡ ተሰርዩ እንተበልኩም ፡ ብርግጽ ሓቅኹም ኣሎኹም ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገሩ ፡ ንዕላምኡ ፡ ንሓድነቱ ፡ ንክብሩ ንመንግስቱ ፤ ተሰርዩ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ንኽብጆ ቅሩብነቱውን ኣረጋጊጹ እዩ ፡ እዚ እንተኾይኑ እቲ ድቃስ ከሊእኩም ዘሎ ፡ ልዕሊ ቮልዩም ፡ ማሪዋና ስለዝኾነ ደረጃ ውሒድኩም ከይኸውን ሃየ ቁሩብ ከምክብ ፡ ስለዚ ነቲ ሰይጣናዊ መደባትኩም ህዝቢ ኤርትራ ብሓድነቱን ስጥመቱን መኸትኡን ፡ ዓንዲ ሕቘኡ ስለዝሰበሮ ፡ ከምመንጸሮር ጌና ከዕበድብደኩም እዩ ደቂስኩም ኣይትሕደሩ ፡ እንተ ንሕና ፡ ትማሊ ሻዕብያ ሎሚ ሻዕብያ ጽባሕ ሻዕብያ ፡ መኽንያቱ ሻዕብያ ካብ ነፍሲ ወከፍ ብርኪ ህዝቢ ኤርትራ ተወሊዱ ዝተፈጥረን ፡ ብፍቕርን ሓልዮትን ህዝቡ እናተመገበ ሂወቱ መመሊሱ ዝስስንን ፡ መሪሕ ደጀንን ጎይታ ጽንዓት ፡ ብእኒብኣኹም ዘይሽነን ዓሮምሽሻዊ ግምባር እዩ ፡

ስለዝኾነ !

ትማሊ ሻዕብያ ! ሎሚ ሻዕብያ ! ጽባሕ ሻዕብያ ! ኩሉ ግዜ ሻዕብያ ! ምስጋና ንሻዕብያ !

ዓወት ንሓፋሽ !

ካብ ብርዒ ሓቂ ፡